# ምሥጢረ ሥላሴ

1) መን ፈጠረካ? **ሥላሴ።**

2) ንመን ከ ንኣመን? **ንሥላሴ።**

3) ሥላሴ ክንደይ እዮም? **ሰለስተ ይኾኑ፣ ሓደ ይኾኑ።**

3.1) ብምንታይ ሰለስተ ይኾኑ? **ብሽም፣ ብግብሪ፣ ብኣካል።**

3.2) ብምንታይ ከ ሓደ ይኾኑ? **ብባህርይ፣ ብሥልጣን፣ ብፍቓድ፣ ብመለኮት።**

3.3) እንታይ ከ ስሞም? **ኣብ፣ ወልድ፣ መንፈስ ቅዱስ።**

3.4) እንታይ ከ ግብሮም? **ኣብ ወላዲ፣ ወልድ ተወላዲ፣ መንፈሰ ቅዱስ ሠራጺ።**

4) ኣብ እንታይ ማለት እዩ? **ኣቦ።**

4.1) ወልድ ማለት ከ? **ዉሉድ።**

4.2) ናይ መን ዉሉድ? **ናይ ኣብ።**

4.3) መንፈስ ቅዱስ ማለት ከ? **ሠራጺ።**

4.4) ካብ መን ዝሰርፅ? **ካብ ኣብ።**

4.5) ካብ ወልድ ኸ ይሠርጽ ዶ? **ኣይሠርጽን።**

4.6) እንታይ ደኣ ወንጌል ዮሓንስ ኣብ ምዕ.16 ቍ. 15 “እምዚአየ ይነሥእ” ዝብል? **እሞ “ይሠርጽ’ዶ” ኢሉ? ቃል እዩ “ይነሥእ” ዝበለ እምበር።**

4.7) “ቃል” ከ ኣበይ ኢሉ? **“ይነሥእ እምኔየ” ኢሉ ዶ ስኽ ኢሉ? “ወይነግረክሙ” በለ እምበር።**

5)አካል ተባህለ እንታይ እዩ? **ኢድ፣ እግሪ፣ ዓይኒ፣ እዝኒ፣ ስኒ፣ ኣፍ፣ ጵፍሪ፣ ካብ ጵፍሪ እግሪ ኣትሒዝካ ክሳዕ ጸጉሪ ርእሲ።**

**# ንኣብ ፍፁም ገፅ ኣለዎ፣ ፍፁም ኣካል ፍፁም መልክዕ ኣለዎ።**

**# ንወልድ ፍፁም ገፅ ኣለዎ፣ ፍፁም ኣካል ፍፁም መልክዕ ኣለዎ።**

**# ንመንፈስ ቅዱስ ፍፁም ገፅ ኣለዎ፣ ፍፁም ኣካል ፍፁም መልክዕ ኣለዎ።**

**# ናይ ሥላሴ መልክዖም ሰብ ይመስሉ።**

6) ሥላሴ ኣካሎም ከመይ እዩ? **ሙሉእ፣ ስፉሕ፣ ረቂቕ።**

6.1) ናይ ሰብ ከ? **ግዙፍ፣ ውሱን፣ ፀቢብ፣ ፍጡር።**

6.2) ምልኣቶም ከ ከመይ እዩ? **ምልኣቶም ከም ብርሃን፣ ከም ምቐት፣ ከም ንፋስ፣**

6.3) ስፍሓቶም ከ? **ካብ ጽርሐ ኣርያም ንላዕሊ ቁመቱ፣ ካብ በርባሮስ ንታሕቲ መሰረቱ። እዚ ስለዝኾነ ሰብ ብዝፈልጦ ምንጋር ይግባእ። ዓለም ንሥላሴ ኣይውስኖምን ፣ ንሳቶም ንዓለም ይውስንዎ። እዚ ዓለም ድማ፣ ከም ሰብ ኣብ ቤት ዘሎ፣ ከም ኣቕሓ ኣብ ሳንዱቕ ዘሎ እዩ። ንሰብ ቤት ይውስኖ፣ ንኣቕሓ ሳንዱቕ ይውስኖ፣ እምበር ሰብ ንቤት፣ ኣቕሓ ንሳንዱቕ ኣይውስኖን። ሥላሴ ድማ ንዓለም ይውስንዎ እምበር ዓለም ንሥላሴ ኣይውስኖምን።**

6.4) ርቀቶም ከ ከመይ እዩ? **ካብ ኵሉ ንፋስ ይረቅቕ። ካብ ንፋስ እሳት ፣ካብ እሳት መላእኽቲ ፣ካብ መላእኽቲ ነፍስና ትረቅቕ፣ ካብ ነፍስና ድማ ሥላሴ ይረቁ።**

7) ነብስና ንሥላሴ ከመይ ትረኣዮም? **ከም እምባ።**

8) ናይ ሥላሴ ባህሪኦም እንታይ እዩ? **ዘይጠሚ፣ ዘይፀምእ፣ ዘይሓምም፣ ዘይደክም፣ ዘይመውት።**

8.1 ናይ ሰብ ከ? **ጠማዪ፣ ፀማኢ፣ ሓማሚ፣ ደኻሚ፣ መዋቲ።**

9) ናይ ሥላሴ ናይ ሓድነት ስሞም እንታይ እዩ? **እግዚኣብሔር፣ ኣምላኽ፣ ፈጣሪ፣ ጸባዖት፣ ኣዶናይ፣ መለኮት።**

9.1) ናይ እግዚኣብሔር ወልድ ኸ፣ ስመ ሥጋዌኡ እንታይ እዩ? **ኢየሱስ፣ ክርስቶስ፣ መድኃኔ ዓለም ፣ ኣማኑኤል።**

9.2) "ኢየሱስ" ማለት እንታይ እዩ? **ፈውሲ።**

9.3) "ክርስቶስ" ማለት እንታይ እዩ? **ክቡር፣ ክብረቱ ካብ ካሊእ ኣይደለየን፣ ካብ ኣካሉ፣ ካብ ባህርይኡ እዩ።**

9.4) "ኣማኑኤል" ማለት ከ? **ኣምላኽ ከሎ ሰብ ዝኾነ፣ ሰብ ከሎ ኣምላኽ ዝኾነ።**

9.5) "መድኃኔ ዓለም" ማለት ከ? **ተሰቒሉ ዓለም ዘድሓነ።**

9.6) "ዓለም" ተብሃለ እንታይ ማለት እዩ? **ሰብ።**

10) ናይ ሰብ ባህርይ ስሙ እንታይ ይበሃል? **ሰብ።**

10.1) ናይ ግብሪ ስሙ ኸ? **መልኣኽ፣ ሰይጣን ይበሃል።**

10.2) እንታይ ተገበረ መልኣኽ ይባሃል? **እንተጾመ፣ እንተጸለየ፣ እንተተፋቐረ፣ እንተቖረበ፣ እንተሰገደ።**

10.3) እንታይ ተገበረ ኸ ሰይጣን ይባሃል? **እንተዘይጸመ፣ እንተዘይጸለየ፣ እንዘይተፋቐረ፣ እንተዘይቈረበ፣ እንተዘይሰገደ።**

11) ሥላሴ ብኹሉ ሙሉኣት ድዮም? **እወ ብሰማይ፣ ብምድሪ፣ እወ ብባሕሪ፣ ብየብስ፣ እወ፣ ብዕንጸይቲ፡፣ ብእምኒ፣ ብእንስሳ፣ ብኣራዊት፣ ብኃጥኣን፣ ብጻድቃን፣ ብኣጋንንት ብመላእክት።**

11.1) ኣብ ብኃጥኣን ከመይ ኢሉም ይኃድሩ? **ከም ዝተደጎለ ሓዊ፣ ከም ኣብ ቁራዕ ዘሎ ሜስ።**

11.2) ኣብ ጻድቃንከመይ ኢሉም ይኃድሩ? **ከም ኣብ ፋኑስ ዘሎ መበራህቲ፣ ከም ኣብ ብርጭቆ ዘሎ ሜስ።**

12) ሥላሴ ኣብ ጎድፍ፣ ኣብ ጸብሪ ኣለዉ ዶ? **እወ ኣለዉ።**

12.1) ኣይጽይቖምን ዶ? **እንታይ ደኣ ብርሃን ፀሓይ ዘይፅየቕ፣ ኣይጽየቑን እዮም።**

13) ናይ መን ሥጋ ትበልዕ? **ናይ እግዚኣብሔር ወልድ።**

13.1) ናይ እግዚኣብሔር ኣብን ናይ እግዚኣብሔር መንፈስ ቅዱስን ከ? **ኣይበልዕን።**

13.2) እንታይ ኴንካ? **ረቀቕቲ ኮይኖም።**

13.3) ንሱስ ኣይረቂቕንዶ? **ምስ ግዙፍ ሥጋ ተዋሒዱ።**

13.4) ንሳቶም ዘይተዋሃሃዱ ፀሊኦምና ዶ? ርሒቖምና እዮም? **ኣይፀልኡናን፣ ኣይረሓቑናን።**

13.5) ዕንፀይቲ ዶ በፂሕዎ እዩ ነቲ ሰብ ዝኾነ? **ንሳቶም ሰብ ዘይኮኑ ስሞም ከይልወጥ።**

14) እትበልዖ ሥጋ ምዉት ድዩ ሕያው? **ምዉት ብሰብነቱ፡ ሕያው ብመለኮቱ፡ ነፍስ እተፈለየቶ መለኮት ዝተዋሓሓዶ አብን መንፈስ ቅዱስን ህልዋን ዝኾንዎ።**

14.1) ምዉት ብሰብነቱ ዝተብሃለ መን እዩ? **መለኮት።**

14.2) ህያው ብመለኮቱ ዝተብሃለ መን እዩ? **ሥጋ።**

15)ናይ ሥላሴ ህልውናኦም ከመይ እዩ? **ከም ልቢ፣ከም ቃል፣ ከም እስትንፋስ**

16) ሥላሴ ከም ሰለስተ ሰብ ድዮም? ከም ሓደ ሰብ? **ከም ሓደ ሰብ።**

16.1) ኣብ ሰለስተ ሰብ ክንደይ ልቢ ኣሎ? **ሰለስተ።**

16.1.1) ክንደይ ቃል ኣሎ? **ሰለስተ።**

16.1.2) ክንደይ እስትንፋስ ኣሎ?  **ሰለስተ።**

16.2) ኣብ ሰለስተ ሥላሴ ክንደይ ልቢ ኣሎ? **ሓደ።**

16.2.1) ክንደይ ቃል ኣሎ? **ሓደ።**

16.2.2) ክንደይ እስትንፋስ ኣሎ? **ሓደ።**

16.2.3) መን ልቦም? **ኣብ።**

16.2.4) ቃሎም ከ? **ወልድ።**

16.2.5) ምስትንፋሶም ከ? **መንፈስ ቅዱስ።**

16.3) ንኣብ መን ልቡ? **ባዕሉ።**

16.4) ንወልድ መን ቃሉ? **ባዕሉ።**

16.5) ንመንፈስ ቅዱስ መን ምስትንፋሱ? **ባዕሉ።**

17) እግዚኣብሔር ወልድ ካብ ኣብ መዓስ ተወልደ? **ትንትግ? (ንዘለዓለም) እናተወልደ ይነብር፣ "ኢየሐፅፅ ልደቱ ወኢይትመተር ልደቱ እም አብ" ከም ዝበለ።**

17.1) ካብ እግዚትነ ማርያም ክጥነስ ከሎ ኸ? **ካብ ኣብ እናተወልደ ይነብር።**

17.2) ካብ እግዚትነ ማርያም ክውለድ ከሎ ኸ? **ካብ ኣብ እናተወልደ ይነብር።**

17.3) ክስቀል ከሎ ኸ? **ካብ ኣብ እናተወልደ ይነብር።**

18) መንፈስ ቅዱስ ከ መዓስ ሠረጸ? **ዘለዓለም ክሠርጽ ይነብር። ከም ፈልፋሊት ማይ ዘይትነጽፍ ፣ "ከመ ነቅዕ ዘይፈለፍል" ከም ዝበለ ቅዱስ ቄርሎስ ኣብ ተረፈ ጎርጎርዮስ ገባሬ መንክራት**

19) እንታይ እዩ ሃይማኖትካ? **ተዋሕዶ።**

19.1) **ተዋሕዶ**ማለት እንታይ እዩ? ***ቃል ሥጋን*** **ዝተዋሓሓደ፣ ሓደ ኣካል ሓደ ባህርይ ዝኾነ፣ *ቃል ሥጋ* ኮነ' ከም ዝበለ ዮሓንስ (1፥14) ።**

19.2) ብምንታይ ምኽንያት ተዋሓሓደ?

**- ቅዱስ ገብርኤል መልኣኽ መጺኡ ንእግዝእትነ ማርያም ብድንግልና ክትፀንሲ፣ ክትወልዲ ኢኺ በላ። ንሳ ድማ ምድሪ ብዘይ ዘርኢ እትፈሪ፣ ሰበይቲ ብዘይ ሰብኣይ እትወልድ ኣበይ ርኢኻ በለቶ። ሉቃ 1፥31-38 ንሱ ድማ ንእግዚአብሔር እሞ እንታይ ይሰኣኖ ኾይኑ ኵሉ ይከኣሎ እዩ በላ፣ ንሳ ድማ ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነኒ በለቶ። ይኹነኒ ምስ በለቶ ብቕልጡፍ ከም ብርሃን ከም ዓይኒ፣ ከም ምስማዕ ከም እዝኒ፣ ካብ *ሥጋኣ ሥጋ*፣ ካብ ነፍሳ ነፍሲ ወሲዱ ሓደ ኣካል ሓደ**

**ባህርይ ኮነ፣ ኣምላኽ ሰብ ኮነ፣ ሰብ ኣምላኽ ኮነ፣ "ውእቱ እግዚአብሔር ዘኮነ ሰብአ ወውእቱ ሰብእ ዘኮነ ኣምላከ" ከምዝበለ ጎርጎርዮስ ዘእንዚናዙ ።**

**ረቂቕ ግዙፍ ኮነ፣ ግዙፍ ረቂቕ ኮነ። ምሉእ ውሱን ኮነ፣ ውሱን ምሉእ ኮነ። ወልደ አብ በመለኮቱ ወወልደ ማርያም በትስብእቱ ክልተ ልደት ብተዋሕዶ ኸበረ። ብተዋሕዶ ንአብ ናይ ባህርይ ወዱ ኾነ። ከም በትረ ሙሴ፣ ከም ሰበይቲ ሎጥ፣ ከም ማየ ግብጽ፣ ከም ማይን ጸባን ኣይኮነን።**

19.2.1) ከመይ ኢሉ ደኣ ተዋሓሓደ? **ከም ሓውን ሓፂንን፣ ከም ነፍስን ሥጋን እዩ።**

19.2.2) በትረ ሙሴ እንታይ ዝኾነትያ? **በትሪ ነይራ ተመን ዝኾነት እያ፣ (ዘፀ 4፥2-3)**

19.2.3) ሰበይቲ ሎጥ ከ? **ሰበይቲ ነይራ ጨው ዝኾነት፣ (ዘፍ 19፥26)**

19.2.4) ማይ ግብጺ ኸ? **ማይ ነይሩ ደም ዝኾነ፣ (ዘፀ 7፥20)**

19.2.4.1) እዚ እንታይ ይበሃል? **ተለወጠ ይበሃል እምበር ተዋሓሓደ ኣይብሃልን**

19.2.4.2) ማይን ጸባን ከ? **ተሓዋወሰ ይበሃል እምበር ተዋሓሓደ ኣይብሃልን።**

※ እዚ ዘይፈልጥ ሰብ ክርስቲያን ተዋሕዶ እየ ክብል ኣይክእልን እዩ።

ወስብሐት ለእግዚአብሔር

**"ኣክሊለ ሰብ፣ ተኮርኦ ርእሲ፣ ተፀፊ መትባህቲ፣ ተሰህበ በሃብሊ፣ ተቀዝፈ ዝባን፣ ተኣስረ ድህረት፣ ፀዊረ ጉንዲ፣ ሰሪረ ሃሞት፣ ሳደር፣ ኣላዱር፣ ዳናት፣ ኣዶናስ፣ ሮዳስ ???".**


ፍልፍል

1) ጽገ ታረቀ ዛላንበሳ (ዓል ተመልሶ 12/08/2012 ግእዝ)

2) http://www.tewahdoitaly.org/2016/12/1.html